2020 / 11 / 10

# ኩነታት ሃገርናን ፤ ደሃይ ወተሃደራዊ ምዕባለታት

ብ ተስፋይ ኪዳነ

- አባል ተቃዋሚ ፓርቲ ፓርላማ አውስትራልያ ፓትሪክ ዝተባህለ ፡ ኮሎነል አቢይ አብ ልዕሊ ትግራይ ንዝአወጆ ኩናት አትሪሩ ተቃዊምዎ። መንግስቲ ስወደንን ከኛን ዕርቂ ዘተ ንተጻረርቲ ሓይልታት ጸዊዐን።
-
- ካብ 4000 ክሳብ 5000 ሽሕ ዝኣኽሉ አብ ወጻኢ ብፍላይ አብ አመሪካን ስዊስን እስራኤልን ዝርከቡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ አብ መንን ኢሳያስን አቢይን ንዘሎ ርኹስ ቃልኪዳን ብምኹናን ፡ አብ ጎድኒ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፎም ሃገሮም ንምድሓን ፡ ብረት ንምዕጣቅ ይሓቱ ኣለዉ።
-
- ክልላት ( ምምሕዳራት ) ኦሮሞን ፡ ሲዳማን ፡ ሶማልን አብ ኩናት ዝስለፉ ወተሃደራት ወይ ሚሊሻ ከምዘይሰዱ አፍሊጠን። ክሳብ ሎሚ አብቲ ኩናት ዝስለፉ ዘለዉ ካብ ክልል አምሓራ ጥራይ ዝተዋጻኡ ከምዝኾነ ተፈሊጡ።
-
- አጋር ሰራዊት ትግራይ መስተንክር ዓወትን ነፍሰ ምክልኻልን የካይድ ምህላው ብጭቡጥ ተረጋጊጹ። “ክላሺነይ ተኺለ ፤ ከጓይዮም ውዒለ” ፣ ዝብል ደርፊ አውጺኦም ንወተሃደራት አምሓራ ከጓይይዎም ይረአዩ አለው ክብል ካብቲ ከባቢ ዝመጸና ጽጹይ ሓበሬታ አብሪሁ።

## ደሃይ ካብ ኤርትራ።

- አብ ኩናት አይንስለፍን ዝብል እምቢታ ወተሃደራት ኤርትራ በዚሑ ፤ ብዙሓት ካብ ሰራዊት ኤርትራ ናብ ሱዳን ይኣትው አለው።

- ሰለስተ ቦጦሎኒታት ናይ ኤርትራ ፡ ምስ ሚሊሽያ አምሓራ ተሰሊፈን አብ ከባቢ ሑመራ ይዋጋኣ አለዋ። ቁሱላት ወተሃደራት ኤርትራ አብ ጎንደር ሆስፒታል ይሕከሙ ኣለዉ;

**- ገና ክረጋገጽ ዘለዎ ሓበሬታ።** ኢሳያስ አፈወርቂ ኣብዚ እዋንዚ አብ አየር ሃይል ደብረዘይት ምስ አቢይ ኮይኑ ኩናት የካይድ ከምዘሎ ብብዝሒ ይውረ። ካብ ባህርያቱ ተበጊስካ ነዚ ሓበሬታዚ ምስ ትምርምር ሓቂ ከይኮነ ኣይተርፍን። ባህርይ ኢሳያስ ፡ ኢሳያስ ኩናት ክውላዕ ከሎ ፡ ወይ ይገይሽ ወይ አርሒቁ ነቲ ኩነታት ይከታተል። አብ ግዜ ኩናት ፡ ኢሳይስ ክፍክር ይጸንሕ እሞ ዝሩግ መዓንጣ ስለዝኾነ ግን ቀልጢፉ ይስወርን ይጽሕጽሕን።

ተስፋይ ኪዳነ

ሓበሬታ ይቅጽል ክሳብ ዓወት።